# ኤርትራ፡ ምድሪ ባሕሪ
# ካልኣይ ክፋል
# ኣልማማዊ ቑጠዐ



ደራሲ – ኣልኣሚን መሓመድ ስዒድ

(2)

እድሪስ ብ1956 ከሰላ ኣብ ዝኣተወሉ እዋን፡ እታ ከተማ ብሰንኪ ምውድዳር ፖለቲካዊ ሓይልታት ሱዳንን ዘውጽኡዎ ዝነበሩ ተገራጫውን ነንበይኖም ኣዋጃትን መግለጺታትን፡ ኣብ መንጎ'ቶም ለውጢ ዝደልዩን ዘይደልዩን ኣባላትን ወገናትን ሰልፊ ሃገራዊ ሕብረት[1] ብሓደ ሸነኽ፡ ኣብ መንጎ ሰልፊ ሃገራዊ ሕብረትን ብመሰረት ሳልሳይ ጉባኤኡ ብምኽያድ ንኣቶ ዓብዱልኻልቅ ማሕጁብ፡ ዋና ጸሓፊኡ ዝመረጸ ኮሚኒስታዊ ሰልፊ በቲ ኻልእ ሸነኽ፡ ኣብ ዓሚቝ ፖለቲካዊ ወጥሪ ክትሕመስ ረኸባ።

እድሪስ፡ ከም'ቲ ኣብ ኤርትራ ዝተራእየ፡ ፖለቲካውያን ሓይልታት ሱዳን'ውን ፖለቲካዊ ዒላማታቶም ንምጭባጥን ጽልዋታቶም ንምስፋሕ ቀቢላውን ሃይማኖታውን ዓቕምታቶምን ጽልዋታቶምን ተጠቒሞም፡ ንሰዓብቲ ቀቢላታቶምን ሃይማኖታቶምን ከንቀሳቕሱ ከለዉ፡ ገሊኦም ድማ ብዝተፈላለዩ ድሑራት ኣገባባት ንሰራሕተኛታትን ሓረስቶትን ሱዳን ክኸሰቡ ክንቀሳቐሱ ብምዕዛቡ፡ እቲ ኣብ መንጎ ፖለቲካውያን ሓይልታት ሱዳን ዘሎ ፖለቲካዊ ምስሕሓባትን ቀርቊሳትን ካብ'ቲ ኣብ ሃገሩ ዝካየድ ዝነበረ ከምዘይፍል ኣረጋገጸ።

---

[1] ሰልፊ ሃገራዊ ሕብረት ሓደ ካብቶም ኣብ'ቲ እዋን'ቲ፡ ኣብ ከሰላን ከባቢኣን ዓብይን ርኡይን ጽልዋ ዝነበሮ ሰልፊ እዩ።

ሱዳን ናጽነታ ኣብ ዝኣወጀትሉ፡ ዝበዝሑ ሱዳናውያን ዜጋታት "ዝመረጽናዮም መራሕትን ሰበ-ስልጣን መንግስትን፡ ኣብ ሱዳን ሰላምን ብልጽግናን ከረጋግጹልና'ዮም" ዝብል ትጽቢት ኣሕድሮም'ኳ እንተነበሩ፡ እቶም መራሕቲ ንህዝቢ መዝሚዞም ውልቃዊ ረብሓቶቶምን ፖለቲካዊ ጽልዋታቶም ንምርግጋጽ ዝሰርሑ እንተ ዘይኮይኖም፡ ካልእ ቁም ነገር ከም ዘይብሎም በብቑሩብ እናተረደኦም ክመጽእ ከም ዝመጀረ እድሪስ ክርዳእ ኸኣለ።

እድሪስ "ነቲ ዝነበረ ታሪኻዊ ሓቅታት ክርዳእ ኣሎኒ" ዝብል መንፈስ ከሕድር ጀመረ። ሓንቲ መዓልቲ ኣብ'ታ ኣብ ዞና ኣልኹትምያ ዝተዶከነት እንዳ ሻሂ ኣቶ ማሕጁብ ኣልጃዓሊ ኮፍ ኢሉ ሻሂ እናሰተየ ከሎ፡ ብሃንደበት ሓደ መንእሰይ፡ ዜጋታት ሱዳን ንሰልፊ ሃገራዊ ሕብረት ክድግፉ፡ ካብ'ቶም ንሃገር ዘሰግኡ ኮሚኒስታውያን ክርሕቁ ዝጽውዕ፡ ብሽም ሰልፊ ሃገራዊ ሕብረት ዝወጸ ፖለቲካዊ ኣዋጅ ፍሽኽ እናበለ ኣቐበሎ። ምስ ኣንበቦን ተረደኦን ነቲ ከም ዓርኩ ዝቐጽሮ ዝነበረ ኣቶ ማሕጁብ ኣልጃዓሊ ጠሚቱ፡-

"ኣብ'ዚ ዓዲ ካብ ዝመጽእ፡ ኣብ መንጎ ዝተፈላለዩ ፖለቲካዊ ሓይልታት ሱዳን ዓሚቝ ፖለቲካዊ ፍልልያት ተዓዚበ…።"

በለ'ሞ ዘረብኡ ከይወደአ፡ ኣቶ ኣልጃዓሊ፡-

"ካብ መግዛእቲ ዓባይ ብሪጣንያ ነጻ ካብ ንወጽእ፡ ህሉው ፖለቲካዊ ኩነታት ሃገርና ዘየዕግብ እናኾነ ክመጽእ ስለ ዝመጀረ፡ ኣብ ፖለቲካዊ ጉዳያት ኣትየ ክዛረብ ኣይደልን'የ።"

ዝብል ተሰፋ ዘይብሉ ዘረባ ኣፍሰሰ።

እድሪስ፡ ብዛዕባ'ቲ ዝሰምዖ ከይተገደሰ፡-

"ከም ሃገራውያን መጠን፡ ሃገርኩም ካብ መግዛእቲ ብሪጣንያ ነጻ ክትኸውን ትሓቱ ብምንባርኩም፡ ነቲ ዘየዕግብ ፖለቲካዊ ኩነታት ዝበልካዮ ንምእራም ብሓደ ሸነኽ፡ ምስቶም ንረብሓ ሃገር ዝሰርሑ ደው ንክትብሉን ከኣ በቲ ኻልእ ሸነኽ፡ ብዛዕባ ፖለቲካዊ ኩነታት ሃገርኩም ክትግደሱ ግቡእ ኮይኑ ይስመዓኒ።"

ዝብል መልሲ ሃበ።

ኣቶ ማሕጁብ ኣልጃዓሊ፡ እድሪስ ብዛዕባ ፖለቲካ፡ ብፍላይ ብዛዕባ ፖለቲካዊ ኩነታት ሱዳን ከም ዝግደስ ኣብ ትጽብቱ'ኳ እንተ ዘይነበረ፡-

“ፖለቲካዊ ስራሕ ኣብ ሱዳን፡ ኣብ ቅኑዕን ብሩህን ፖለቲካዊ ጠመተ ዝተመርኮሰ ክኸውን ይግባእ። እዚ ጠመተ'ዚ ኣብ'ቶም ንረብሓ ዜጋታትና ንሰርሕ'ና ዝብሉ ብዙሓት ፖለቲካዊ ሓይልታት ሱዳን የለን።”

ክብል ቅልጡፍ መልሲ ሃበ።

እድሪስ ፖለቲካዊ ክትዓትን ሞጉትን ይፈቱ ብምንባሩ፡ ኣብ ሱዳን ምስ መጸ'ውን ተገዳስነቱ እናዓበየ ብምኻድ፡-

“ፖለቲካዊ ምንቅስቓስ ሱዳን ቅድሚ ምእዋጅ ናጽነት ዝተወልደ ተርእዮ ብምዃኑ፡ ብዙሓት ናይ ፖለቲካ ሰልፍታት ተመስሪተን'የን። ንኣብነት ሰልፍታት ኣሕዋት (ኣሸቓእ)፡ ህዝባዊ ዲሞክራሲ፡ ሃገራዊ ሕብረት፡ ኡማ፡ ሓርነታዊ፡ ዴሳዊ፡ ስልፍታት ደቡብ ሱዳን፡ ኢስላማውያን ጉጅለታት፡ ማሕበራት ሰራሕተኛታትን ሓረስቶትን። ስለ ዝኾነ ከመይ ጌርና'ና ኩለን ፖለቲካዊ ሰልፍታት ሱዳን ሓቀኛ ፖለቲካዊ ጠመተ የብለንን ኢልና ንዛረብ?”

በለ'ሞ ኣስዒቡዉውን፡-

“እዚ ዝበልክዎ ጥራሕ ዘይኮነ፡ ብ1883 ኣብ ሱዳን ሓደ ኣንጻር መግዛእቲ እንግሊዝን ቱርኮ-ግብጻውን ዝተላዕለ ብ1898 ድማ ኣብ ከረሪ ዝተባህለ ከባቢ ብዓረር መግዛእቲ ዝቐሃመ ሰውራ ማህዲ፡ ኣስዒቡው'ን ብ1924 ብገለ ሃገራውያን ተጋደልቲ ከም እኒ ዓሊ ዓብዱ ኣልለጢፍን ብጾቱን ዝምራሕ ዝነበረ ብሸም ጻዕዳ ብርጌድ ዝፍለጥ ምንቅስቓስ ተራእዩም፡ ሱዳን ሓደ ዓሚቕ ፖለቲካዊ ውርሻ ዘለዎ ሃገርዩ።”

ክብል ወሰኸ።

ኣቶ ማሕጁብ ኣልጃዓሊ ጽን ድሕሪ ምባል፡-

“ኩሉ ዝበልካዮ ኣብ ሓቂ'ኳ እንተተመስረተ፡ ድሕሪ ምእዋጅ ናጽነት፡ ፖለቲካዊ ህይወት ሱዳን ኣብ'ቲ ንሓቶ ዝነበርና ማለት፡ ሱዳን ካብ ቀብላዊ፡ ኣውራጃዊ፡ ሃይማኖታውን ወገናውን ድሕረት ተናግፋ ነጻ ክትከውን ዝብል ዝተመስረተ ኣይነበረን። ብኣንጻሩ ኣብ ጸቢብ ውልቃዊ ረብሓታት ብምቱኳር ብልሽው ኣካይዳ ክኽተሉ፡ ካብኡ ሓሊፎም ድማ፡ እቶም ታሪኻውያን ሰዓብቲ ሰውራ ማህዲ ዝበልናዮም ምስ እቶም እንግሊዛውያንን ግብጻውያንን ክመሓዘዉ ኢና ርኢና። ናጽነት ኣብ ዝተኣወጀሉ ወቕቲ፡ ሓደ ብኣቶ ኢስማዒል ኣልኣዝሃሪ ዝምራሕ መንግስቲ'ኳ እንተቖመ፡ ብሰንኪ ፖለቲካዊ ቁርቊስ ሓለፍቲ፡ እቲ መንግስቲ ዝሓንጸጾ መደባት ከይተበገሰ ከም ዝቐየር ተገብረ። ድሕሪ ብዙሕ ምክርኻር እቲ

ካብ ስልጣን ዝተገለለ መራሒ ዳግማይ መንግስቲ ከቐውም ተመዘዘ። እንተኾነ ግን ብዙሕ ከይጸንሐ፡ ብኣቶ ዓብደላ ኸሊል ሓድሽ መንግስቲ ስለ ዝተመስረተ ብዙሕ ከይኣገልገለ ከም ዝወድቕ ተገብረ። ቀንዲ ናይ ከም'ዚ ዓይነት ናይ ፖለቲካ ምዕግርጋር ቀየስቲ፡ ገሊኦም ምስ እንግሊዛውያን ገሊኦም ድማ ምስ ግብጻውያን ዝተኣሳሰሩን ዝተመሓዘዉን ናይ ፖለቲካ መራሕቲ እዮም። ካልኣት'ውን ብዘይካ ንውልቃዊ ጥቕሞም ንረብሓ ሃገርን ህዝብን ዘይዓዩ፡ ኣብ ነንሕድሕዶም ዝቀራቐሱ፡ መደባት መንግስቲ ዝዓናቕፉ፡ ንዜጋታት ዝጎጃጅሉ ከም ዝነበሩ ክንስሕቶ ዘይከኣል ጉዳይ'ዩ። ስለ ዝኾነ ካብ ፖለቲካ ክርሕቁን ብዛዕብኡ ከይግደሱን ዝወሰኑ ብዙሓት ተሰፋ ዝቖረጹ ዜጋታት ከም ዘለዉ ሓደ ካብኦም ከኣ ኣነ ምኳነይ ከረጋግጸልካ እደሊ። እዚ ይኹን እምበር ፈጺሙ ብዛዕባ ፖለቲካዊ ጉዳይ ሃገረይ ሱዳን ከልዕል የብለይን ማለት ከም ዘይኮነ ክትርደኣለይ እፈቱ።"

ኢሉ ነቲ ዝነበረ ፖለቲካዊ ሃዋህው ብምረት ክገልጾ ፈተነ።

እድሪስ ፖለቲካዊ ኩነታት ሱዳን ክሳብ ክንዲ'ቲ ኣቶ ኣልጃዓሊ ዝገለጾ፡ ሕማቕ ክኸውን ኣብ ትጽብቱ'ኳ እንተ ዘይነበረ፡ ጠንቂ ናይ'ቲ ምንቁልቛል፡ ህላወ መግዛእቲ ብሪጣንያ ከም ዝኾነ ክርዳእ ግን ብዙሕ ግዜ ኣይወሰደሉን። እንግሊዛውያን፡ ከም'ቲ ኣብ ኤርትራ ዝገበሩዎ፡ ኣብ ሱዳን'ውን ቀቢላውነት፡ ኣውራጃውነት፡ ሃይማኖታውነት፡ ብልሽው ምሕደራ ፖለቲካ፡ ካብ ሓላፍነት ምህዳም ጸጋዕተኛነትን ንኽተኣታቶ ዓቢ ተራ ከም ዝተጻወቱ'ውን ኣይተጠራጠረን።

እድሪስ፡ ጠንቂ ስደቱ ንዝኾነ ጉዳይ ኤርትራ ቀዳምነት ሰሪዑ ምስ ፖለቲካዊ ጉዳያት ሱዳን ከኣ ተደናጋጽን ተሓጋጋዝን ኮይኑ፡ ንምምሕያሽ መነባብሮ ስድራ-ቤቱን ምምሃር ደቁን ብዘለዎ ዓቕሚ ክሰርሕ ምስ ነብሱ ቃል ኣተወ።